


# መስዋእቲ መጋቢት

መስዋእቲ !

ከምዘይፈርሐትኩም ከምዘይተመከተት
ፊት ንፊት ገጢምኩም ከምዘይተሸነፈት
ከምዘይሰዓርኩማ ከምዘይተሳገረት
ከምዘየሕፈርኩማ ከምዘይተኸወለት

ሸለል ምስበልናያ ከመይ ከ ደፈረት
ድሕሪ 40 ዓመት በየን ተቐልቀለት
ናይ ኩሊት መጥቃዕቲ ኣብዘይተሓሰበት
መስዋእቲ ኣብ ሰላም ዓለም ኣገረመት

ንኣርብዓ ዓመታት ከምዛ ዘይሃደምኪ
ናይ ድሕሪት መጥቃዕቲ መን ሃየ ኢሉኪ
ኣጓብዝ ከለዉ ቀደም ዘይተጻዕዱ
ኣብ እዋን ምውላዶም ምስ ከባበዱ?

መጋቢት!

ቅድሚ ሰላሳ ዓመት ታሪኽና ዝሓዘት
ካብ ዓወት ናብ ዓወት ከንደይ ዘሳገረት
ኣብ ተዛማዲ ሰላም ኣብ ተዘከሮ ዕለት
ጨኪና መጋቢት ቫይናክና ወሰደት

ፍልይቲ እንዳበልና መጋቢት ብስማ
ምስ ኩሉ ታሪኻ ዓለም ኣገሪማ
ናይ ኩሊት መጥቃዕቲ ኣብ ጸድፊ ሃጂማ
ከመይ ከ ደፈረት ከትወስድ ሃንጀማ

ደቂ ኣራዊት ኢሉ ምስ ጀመረ ቃልሱ
ህዝባዊ ሓይልታት ኣብ ምኽኣሉ ነብሱ
ውቃው እዝ ዘኪርና ጽምብል ምድምሳሱ
መጋቢት ጨኪና ምውሳዳ ንደሱ

ግደፊ መጋቢት ኣይተሓዋውሲ
መስዋእቲ ናይ ቀደም ኣይትደጋግሲ
ታሪኽ ታሪኽ እዩ ኣይቅየርን ቅርሲ
ውቃው ኣይምለስን መስዋእቲ ደብሲ

ይኣክል መጋቢት መስዋእቲ ኣብ ውቃው
ምእንቲ መንነት ሓድነት ምሕላው
ሰላምና ሃብና ታሪኽ ዓቕብልና
ወትሩ ይዘከሩ ኩሎም ስውኣትና!

ዘልኣለማዊ ዝኽሪን ክብሪን ንሰማእታትና!
ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!

ኣማኑኤል ተስፋማርያም
ዝኽሪ ኣብ ማሕበረ ኮም  ሳን ሆዘ
30 መጋቢት 2014